# ዳሃይ ስዉኣትና

ብኣማን ሰላም ( ካብ ማእከላይ ምብራቕ )




## ዳሃይ ስዉኣትና

## እስከ ንስማዓዮ ኩልና

ዘ ማ ሓ ላ ለ ፉ ል ና

"መልእኽቶም"

ኣቶም ብሂወት ዘለኹም

ሕድሪ ዝገደፍናልኩም

እንታይ ኢዩ እቲ ጸገም! ዘሎ ብድሕሪና

ጠላማት ዲዮም ሒዞማ ኤርትራ ሃገርና

መሲሎም መቃልስትና

ዝኸሓዱ ህዝብና

ድቃስ እኳ ሰኢና

ብኻእባ ንስኻትኩም ተሰዊእኩም ንሕና ጸኒሕና

ሓንቲ ለይቲ ኣይመሕደርናዮም ዝጻወቱ ብሃገርና

ካብቲ ኹሉ ዘሕዝነና

ኣብ ክንዲ ሓቢርካ ምውዳቖም

ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ ምባሎም

ኣብ ልዕሊ ስውኣት ምስዕሳዮም

ጠላማት ካሕድቲ ሕድሪ ስማእታቶም

ኣታ እንታይ ኢዩ ዘሎ ወሪድዎም

ሕልዮት ህዝቢ ፈጺሙ ዘይብሎም

ኣብ ክንዲ ዲሞክራሲ

ዝኣምኑ ናይ ወገን ቃልሲ

ኣብ ክንዲ ሕልዮት ሃገር

ናይ ምፍልላይ ነገር

ኣብ ክንዲ ረብሓ ንኹሉ

ጥራይ ናዓና ዝብሉ

ንሸፋቱ ኤርትራ ኣጆኹም እንዳበሉ
ጉዳይ ህዝቦም ዘይግደስሉ
ድሕነት ሃገር ዝስግስግሉ

ልባማት ዝመስሉ ዓያሹ
ህዝቦም ዝጠለሙ ንወጻእ ምስ ገሹ
ንኹሉ ወዲ-ሃገር ብሓደ ዘይሪኡ

ካብ እገለ እባ እገለ ይሕሸና
ወላ ብሂውትና ይቅበርና
ኣይንቅበልን እንትርፊ ወገና

ኢሎም ህዝቢ ዝዓምጸጹ
ብድሕነት ሃገር ዘይግደሱ
ሕድሪ ሰውኣት ዝጣሓሱ
ወዲ-ኣፎም ክብሉ ዝደንዘዙ

ማዓት ረኺብኪ ሃገርና
ባዓል እዚኣቶም ካብ ኮኑ መጕዕዝትና
ግን ሓጸር ዕዲሚኦም ብሓይሊ ህዝብና
ንግዝኡ እኳ እንተ ዓናቀፉና
ቀሪቡ ውድቀቶም ክዕውት ኢዩ ውጹዕ ህዝብና

ትማሊ ሕድሪ ዝተቀበልኩም
ኣብ ጉባኤ ዝተመረጽኩም
ዓቢ ሓላፍነት ኢዩ ተሰኪምክሞ ዘለኹም

ሎሚ ቅድሚ ጽባሕ
ንህዝቢ ንምርባሕ

ሎሚ ቅድሚ ጽባሕ ንኹሉ ምጥርናፍን
ሓደ ? ? ? ሰራዊትን
ንሱ ኻኣ ሓደ እምነትን
ተሪር ሓድነትን
ኅዕዞ ንሃገርን

ንብሓይሊ ዝኣምን
ብሓይሊ ምድምሳስን
ንኤርትራና ምድሓንን

ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ምትካልን
ብሰላም ብሓድነት ምንባርን
ሃገርን ህዝብን ምምዕባልን
ምስ ጎሮባብቲ ሃገርን ሰላም ምስፋንን
ምስ ዓለምካ ጽቡቅ ዝምድና ምክያድን
ኢዩ
ንሕና በጃ ምእንታኹም ዝሓለፍና
ንቅስን ኣብታ መቃብርና
ኢዚ ኢዩ ምልእኽቲ ዳሃይና

ሓደራ ኣይትጥለሙ ሕድርና
ኣብ ሰማይ ሃዋሁ ኰለብጥ ዘለና
ኣብ ሂወት ዘለኹም ጀጋኑ ብጸትና
ሓድነት ገይርኩም ክተድሕኑ ህዝብና

ሓደራ ንብለኩም
ቅሩብ ትዝ ይበልኩም
ሕድሪ ናይ ብጸትኩም
ኣብቲ መሪር ቃልሲ ዝተፋነናኩም
ኣተግብሩ ሕድርና
ኣድሕኑ ህዝብና ሃገርና

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ዓወት ነቲ ደም ዝነብዐ ዘሎ ህዝብና
ዓወትን ፍትሕን ማዕርነትን ንኹለን ብሄራትና
ንስልጣኖም ክብሉ ዝጭቁኑ
ዘደኽሙ"ውን ጥቅሞም ንምርባሕ
ኣይትደልን ኢ.ያ ኤርትራ ናይ ጸባሕ ኤርትራ ናይ ጸባሕ

ውድቀት ንዲክታቶራዊ ስርዓት ህግደፍ

ኣማን ሰላም
ካብ
ማእከላይ ምብራቕ